B› l gñ©N ‹ V ] ¥gñ ´ } l X „íXqV

الجبهة الديمقراطية الشعبية الإريترية

**ERITREAN PEOPLE'S DEMOCRATIC FRONT**

## ብምኽንያት መበል 49 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ፡ ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ህደግኤ) ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ

ባሕቲ መስከረም ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ኤርትራ ፍሉይ ተዘክሮን ታሪኻዊ ስፍራን ዘለዋ ዕለት እያ። ምኽንያቱ ህዝብታት ኤርትራ ብሰለማዊ መንገዲ ክረጋገጸሎምን፡ ክጥቀምሉን ዝግበኦም ዝነበረ ፖለቲካዊ ነጻነት፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ሰላምን ምርግጋእን፣ ፍትሕን ርትዕን፣ ግዝኣተ-ሕግን ልምዓትን...ወዘተ ስለዝተሓረሙን ሰለማዊ ኣገባብ ቃልሶም ናይ ዓመጽ መልሲ ስለዝረኸበን ነዚ ዓመጽ'ዚ ብዓመጻዊ ኣገባብ ንምውጋድ ዝተበገሱላ ታሪኻዊት ዕለት ስለዝኾነት። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ሎሚ ዓመት ባሕቲ መስከረም ንመበል 49 ዓመት ክንዝክራ እንከለና፡ እታ ን30 ዓመታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ከነካይድ ዝሓተተትናን ብዙሕ መስዋእትን ስንክልናን ሓሳረ-መከራን ከፊልና ዘረጋገጽናያ ሃገራዊ ነጻነት ብሰንኪ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ በርዒና፡ ህዝብታትና ንግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልን ጥሜትን ዓጸቦን፣ ግዱድ ምፍንቓልን ስደትን ....ወዘተ ዳግም ተሳጢሖም ብሓደ ገጽ፡ በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ነዞም ወድዓውያን ጸገማት እዚኣቶም ንምፍታሕ ዘይሕለል ቃልሲ እናካየድና ኢና ክንዝክራ ንግደድ ዘለና።

**ሓፋሽ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ!**

ባሕቲ መስከረም ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልስና ኣብ እንዝክረሉ ዘለና ወቕቲ ወድዓዊ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን ክንመዝን እንከለና፡ ብሰንኪ ግጉይን በሓትን ቁጠባዊ ፖሊሲ ናይቲ ኣረሜናዊ መንግስትን፡ ተፈጥሮ ዘስዓቦ ጸገማትን ኣብ ሃገርና ዋሕዲ ፍርያትን ጥሜትን ተኸሲቱ፡ ህዝብታትና ብጥሜትን ዓጸቦን ኣብ ዝሳቐይሉን፡ ንስደትን ምፍንቓልን ኣብ ዝተሳጥሕሉን፣ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ህዝብታትና ብዝለዓለ ደረጃ ኣብ ዝተጋህሰሉን፣ መንግስቲ ህግደፍ ብሕታዊ ናይ ቁጠባ ተዋሳእን ነጋዳይን ብምኳን ሃብትን ጥሪትን ህዝብን ሃገርን ኣብ ዝወነነሉን፣ ሃገራዊ ቁጠባና ኣብ መዓሙቕ ውድቀት ኣብ ዝተሸመመሉን፣ ብሰንኪ ጸረ-ሕግን ምርግጋእን ባህርያትን ተግባራትን ናይቲ ስርዓት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣረሜናዊ መንግስቲ ጥራሕ ዘነጻጸረ ማዕቀብ ዝተበየነሉን፣ መንግስቲ ህግደፍ፡ ዕላማን ኣንፈትን ናይቲ ማዕቀብ መኣዝኑ ብምጥምዛዝ፡ ንህዝብታትና ከደናግር እናፈተነ፡ ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ወጥርን መጻብቦን ተሳጢሑ ህዝብን ሃገርን ጅሆ ሒዙ፡ ኣብ መንገዲ ውድቀትን ምብትታንን ኣብ ምምራሽ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። በቲ ካልእ ወገን ድማ፡ ህዝባዊ ቃልስና ዝተበታተነን ዝተረሓሓቐን ሓይሊ ደምበ-ተቓውሞና ካብ ናይ ዝሓለፈ ግዜያት ንላዕሊ ተቐራሪቡን ተወሃሂዱን ክቃለስን ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብን ፖለቲካዊ ውድባትን ዝጸንሐ ፖለቲካዊ ዘይስጥመት ተወሃሂድካ ናይ ምቅላስ መማረጽን ውደባን ክድልድልን ብምግባር፡ ኣብ ሃገርናን ህዝብታትናን ዘጋጥሙ ዘለዉ ኩሉ-መዳያዊ ጸገማት ንምፍታሕ ዘኽእል ፖለቲካዊ ረቛሒታት ይውነኑ ስለዘለዉ፡ ብሩህ ናይ ቃልሲ ተስፋ ሰኒቕና ኢና፡ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልስና እንዝክራ ዘለና።

**ተቓለስቲ ውድባት ኤርትራ!**

ኣብ ሃገርናን ህዝብታትናን ተፈጢሩ ዘሎ ወድዓዊ ጸገማት፡ ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፣ ስእነት ሰላምን ምርግጋእን፣ ልምዓትን ተጠቃምነትን፣ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ፣ ርትዕን ፍትሕን ማዕርነትን፣ ስደትን ምፍንቓልን፣ ከባብያውን ኣህጉራውን ተነጽሎ ክኸብድን ዕድመ-ክህልዎን ዝገብር ዘሎ ሓደን ዝዓበየ ምኽንያት ሓይልታት ደምበ-ተቓውሞና ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝሰረቱ ጥዑይን ማዕባልን ፖለቲካዊ ውህደት ኣብ ሕድሕዶም ብምፍጣር፡ ሓፋሽ ህዝብታትና ኣብ ጎኖም ብምልኣት ብምስላፍ፣ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ መንግስቲ ህግደፍ ክቃለሱን ከቃልሱን ዘይምብቀዖም ምኳኑ ብታሪኽ ዝተረጋገጸ ሓቂ እዩ። እዚ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ድኽመታት ናይ ደምበ-ተቓውሞና ንምፍዋስ ዝከኣል ድማ፡ ነቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ብጥምረት (ውህደት) ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን ህዝብን ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን፡ ውጽኢታቱን፡ ከም ኣወንታዊ ፖለቲካዊ ኩቦያን ውሳኔን ብምውሳድ፡ ተግባራዊ ንምግባሩ ክንቃለስ ምስ እንበቅዕ እዩ። ነዚ ኣብ ታሪኽ ህዝብና ናይ መጀመርያ ክበሃል ዝከኣል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ብመንገዲ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣቢሉ ዝተራእየ ውህደት ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን ድማ፡ መመሊሱ ክጉልብት ብምግባር፡ ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ንዘይተሳተፉ ውድባትን ማሕበራትን ውልቀ-ሃገራውያን ተቓወምቲ ኣካላትን ዝተፈላለዩ ሕብረተ-ሰባዊ ክፍልታትን ኣብ ውህደትን ምትሕግጋዝን ፖለቲካዊ ውድባትን ማሕበራትን ወዘተ ዙርያ ክዓስሉን ንውጽኢት ሃገራዊ ዋዕላ ክድግፉን፡ ኣብ መጻኢ ግዜ ክጋባእ ውሳኔ ተነቢሩሉ ዘሎ ሃገራዊ ዋዕላ ክሳተፉን ተረኦም ከበርክቱን ንምግባር ድማ፡ ካብ ነፍሰ-ወከፍ ተቓዋሚ ኣካል ትጽቢት ዝግበረሉ ኣስተዋጽኦ ከበርክት ይግባእ።

ኣብ ክሊ መስርሕ ምስንዳእ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ዋዕላን ንዝተራእዩ ኣዝዮም ንኡሳንን ዘይወሰንትን ጉድለታት ኣልዒልካ ብምምዝማዝ ውጽኢት ሃገራዊ ዋዕላ ክብደትን ተቐባልነትን ንኸይረክብ ብዝተወሰኑ ኣካላት ዝረኤ ዘሎ ዘይሃናጽን ሓላፍነት ዝጎደሎን ናይ ምንእኣስ ፕሮፓጋንዳ ዘይቅኑዕ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ነቲ ተጓሃሂሩ ክካየድ ዝግበኦ ህዝባዊ ቃልስና ዘይጠቅም ስለዝኾነ፡ ዋናታት ናይዚ ኣብ ድኽመታት ጥራሕ ዝተሰረተ ፕሮፓጋንዳ ዝኾኑ ባእታታት፡ ሒዞሞ ዘለዉ ፕሮፓጋንዳዊ ኣንፈት ከቓርጹን ነቲ ዝዓበየን ወሳንን ኣወንታዊ ዝኾነ  ውሳነን መደባትን ናይ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብሓላፍነትን ዕላማን ርእዮም ክቕበሉን ንምዕዋቱ ኣወንታዊ ተረኦም ክጻወቱን'ዩ ዝግባእ።

ብተወሳኺ ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ምስ ዝቃለሱ ዘለዉ ተቓወምቲ ውድባትን ስቪካዊ ማሕበራትን ሓፋሽ ህዝብታትናን ተወሃሂዱን ተደጋጊፉን ተርኡ ክጻወት ምዃኑ ህደግኤ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ደጊሙ ቅሩብነቱ ይገልጽ።

<u>ተቓለስቲ ውጹዓት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን (ህዝብታት) ኤርትራ!</u>

ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ ብሄራዊ መንነትኩም ክሒዱ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልኩም ብምንፋግ፡ ንጥሜትን ዓጸቦን፣ ስደትን ምብትታንን ምስጣሕኩም ከይኣኽሎ፡ ዝለምዐ መሬትኩም ብምምንዛዕ፡ መሬት ኣልባ እናገበረ፡ ካብ ቤትኩምን ዝለመድክምዎን ዝዓበኹምሉን ከባቢኹም እናፈናቐለ ኣብ ካልእ ከባብታት ብምስፋር፡ ኣብ ማሕበረ-ብሄራዊ ክውንነትኩም ደሞግራፊያዊ ለውጢ ንምምጻእ እናፈተነ፡ ውጹዓት ክነስኹም፡ ኣብ ሕድሕድኩም ኣብ ሕቶ መሬትን ካልኦት ነገራትን ዘይተደላዪ ፍልልይ ብምፍጣር፡ ሓድነትኩም ብምዝራግ ናይ ጭቆናን ምዝመዛን ዕድመ-ስልጣኑ ንምዋሕ፡ ዘካይዶ ዘሎ ቀጻሊ ኣፍራሲ ፖለቲካዊ ተግባራት ኣትሪርኩም ክትቃወሙን፡ ብተንኮልን ሽሕጣንን ናይቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ሓድነትኩም ከይዝረግ ብንቕሓት ክትቃለስሉን፡ ብሕቡር ቃልስኹም ንህግደፍ ብምውጋድ፡ ካብ ጭቆናን ምዝመዛን ምብትታንን ሓራ ክትኮኑ ከምእትኽእሉ፡ ዘየጠራጥር ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ ግዱድ ምፍንቓልን ሰፈራን፡ ብዓውታ ክትቃወሙን፡ ክትቃለሱን፡ ናይ ፍርያት ዋሕድን ስእነትን ጠንቂ ብቐንዱ፡ ግጉይ ቁጠባዊ ፖሊሲ ናይቲ ኣረሜናዊ ስርዓትን፡ እቲ ጠዋሪ ስድራ ዝኾነ ኣፍራዪ ሓይሊ መንእሰይ ካብ ኣፍራይነት ተነጺሉ፡ ነቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ዝጠቅም መዓላ ተገዲዱ ጊላዊ ኣገልግሎት የበርክት ብምህላውን ምዃኑ ብምፍላጥ፡ ንኹሉ መዳያዊ ናይ ጭቆናን ምዝመዛን፡ ተግባራት ናይቲ ስርዓት ብቓልስኹም ንምውጋድ፡ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ቃልስኹም ኣሐይልኩም ክትቅጽልሉ'ዩ ዝግባእ። ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ካብ ሱር መሰረቱ ንምውጋድን ኣብ ዑና መቓብሩ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ኣብ ዝግበር ህዝባዊ ቃልስና ህደግኤ ወርትግ ኣብ ጎንኹም ኮይኑ ክቃለስ ድልዊ ምዃኑ በዚ ታሪኻዊ ዕለት'ዚ ከረጋግጸልኩም ይፈቱ።

ምስዚ ብምትሕሓዝ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ዘካይድዎ ዘለዉ ደሞክራስያዊ ናይ መሰል ቃልሲ ኣመልኪቱ፡ "ናይ ብሄራት (ህዝብታት) ወጽዓ ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ተጠቒምካ ብምቅላስ ጥራሕ'ዩ ዝፍታሕ፣ ሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ግን፡ እዋኑ ዝሓለፎ መልክዕ ናይ ውደባ ስለዝኾነ ከዐውት ኣይክእልን" ዝብል ካብ ስነ-ፍልጠታዊ ስነ-መጎት ዝረሓቐ ግጉይ ርእይቶ ኣብ ክንዲ ኣብ ትሕዝቶ ኣብ መልክዕ ዝተንጠልጠለ ፖለቲካዊ ተረድኦ ንሓድነት ናይ ውጹዓት ብሄራትን፡ ሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ውደባን ኣድማዒ ናይ ቃልሲ ኣበርክትኡን ዝጎስን፣ ደርባዊ ጭቆና ምበር ብሄራዊ ጭቆና ንዘይብሎም ብሄራት ብብሄራዊ መልክዕ ውደባ ጥራሕ ተወዲቦም ክቃለሱ፡ ሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ክመርጹ እንተደኣ ኮይኖም ግን ከምዘይዕወቱ ዝወሃብ መግለጽን ተረድኦን ስለዝኾነ፡ ክእረም ዝግበኦ ምዃኑ'ዩ ህደግኤ ዝኣምን።
ስለዝኾነ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት ኤርትራ፡/  ብዝመረጽዎ መልክዕ ውደባታት ብምጥቃም ክቃለሱ ካብ ዝኾነ ኣካል ዝልገሰሎም መሰል ስለዘይኮነ፡ ኣብ መልክዕ ውደባኦም ኣመልኪቱ ብዝንጸባረቕ ግጉይ ርእይቶታት ከይተደናገሩ ሰፊሕ ፖለቲካውን ደርባውን ንቕሓት ብምውናን ክቃለሱ'ዩ ዝግባእ ንብል።

<u>ውጹዓት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ!</u>

ከም ፍርቂ ኣካል ናይ ሕብረተ-ሰብናን ሰብ ዝያዳ ማሕበራዊ ተራን መጠን፡ ብመጠን ማሕበራዊ ቦታኽንን ልዑል ኣበርክቶኽንን ይትረፍ፡ ከም ተራ ደቂ-ሰባት'ውን ተረሲዕክን ከም ኩሎም ሕብረተ-ሰባዊ ክፍልታትና መጠነ ከቢድ ጭቆናን ምዝመዛን ማሕበረ-ቁጠባዊ ሽግራትን እናሕለፍክን፡ ንመበል 49 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ዕጥቃዊ ቃልስና ትዝክራ ምህላውክን፡ መረጋገጺ ዘየድልዮ ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ ድማ በታ ብስምክን እትምድርን እትሽቀጥን "ሃማድኤ" የማናይ ኢድ ናይ'ቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ዝኾነት ስማዊት ማሕበር፡ ድክትክን እናረኣኽን፡ ኢኽን ነዛ ታሪኻዊት ዕለት እትዝክራኣ ዘለኽን። ካብዚ ጭቆናን ምዝመዛን ኩሉ-መዳያዊ ስንእነትን ክትናገፋ እትኽእላ ድማ፡ ነታ ብስምክን እናጨረሐት ብኩሉንትናኽን ኣገልገልቲ ናይ'ቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ክትኮና ኣሉታዊ ተራ እትጻወት ዘላ ማሕበር "ሃ.ማ.ደ.ኤ."ን ዓንዲ ሕቖኣ ዝኾነ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍን ተወዲብክን ክትቃወማን ክትቃለሳን ምስ እትበቕዓ ጥራሕ'ዩ። ስለዝኾነ ነቲ ብኻልኦት ማሕበራዊ ክፍልታት ክትካእ ዘይክእል ናይ ቃልሲ ተራኽን ንምፍጻም ነብስኽን ክትውድባን፡ ምስቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣብ ስደት ዝርከባ ውጹዓት ደቂ

*ኣንስትዮ ኣሓትክን ዘበጋግሰኦ ዘለዋ ውዱብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምንቅስቓስ ኣወሃሂድክን ክትቃለሳ፡ ኣድላይን ኣዐዋትን ምዃኑ ህደግኤ እናሓበረት፡ ንእተካይደኦ ውዱብ ቃልሲ ክዕወት ኣብ ጎንኽን ኮይና ክትቃለስ ምዃና ድማ ናይ ቃልሲ ቃላ ትገልጸልክን።*

***<u>ውጹዓት መንእሰያት ኤርትራ</u>*<u>!</u>**

*መንእሰይ ወለዶ ኤርትራ ኣብ ህልዊ ጭቡጥ ኩነታት ሃገርናን ህዝብታትናን ኩሉ-መዳያዊ ልዑል ስፍራን ዕድልን ረኺቡ ታሪኽ ናይ ምርካብ ባህርያዊ ሓላፍነቱ ክቕበል ኣብ ዘይክእለሉ ጽጉም ኩነታት ኮይኑ፡ ንዝኽሪ መበል* 49 *ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልስና የኽብር ምህላዉ፡ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ጉዳይ እዩ። ናይዚ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ተርእዮ'ዚ ጠንቂ ድማ፡ ብቐንዱ እቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ኣረሜናዊ ስርዓት ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገም'ዩ። ስለዝኾነ ጭቡጥ ኩነታት መንእሰያትና ክንመዝን እንከለና፡ እቲ ዝበዝሕ መንእሰይ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ግዱድ ዕስክርናን ጻማ ኣልቦ ሽቕለትን ተዋፊሩ፡ ኣገልጋሊ ናይቲ በላዒ ሰብ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ክኸውን እንከሎ፡ ገለ ድማ ኣብ ስማዊ ገበታ ናይ ትምህርቲ ጅሆ ተታሒዙ "ሎሚ ተማሃራይ ጽባሕ ዋርሳይ" ዝብል ኣሰካፊ ጭርሖ ወግሐ ጸብሐ እናተቓላሓሉ፡ ካብ ምንጋጋ ናይቲ ኣረሜናዊ ስርዓትን ዝፈትዎም ህዝቡን ሃገሩን ዝርሕቀሉ ቀዳድ ዕድልን መንገድን እንዳናፈቐ ኣብ ዓዘቕቲ ስቓይ ዝነብርን፣ ናይ ምህዳም ዕድል ዝረኸበ ድማ፡ ኣብ ባሕርን ምድረ-በዳታትን ንስቓይን ሞትን እናተሳጠሐ እቲ ብሂወት ናይ ምብጻሕ ዕድል ዝረኸበ መንእሰይ ድማ፡ ብውዱባት ማፍያታት ሸየጥቲ ሰብ ዝኾኑ ደቂ ሃገርን ወጻእተኛታትን ካብ ምርሳይ ገንዘቡ ክሳብ ምጥፋእ ሂወቱ ዝበጽሕ ስቅያት ኣብ ዘጋጥሞ ዘሎ ህሞት ኮይና ኢና፡ መበል* 49 *ዓመት ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም እነብዕላ ዘለና። ስለዝኾነ መናእሰይ ኤርትራ፡ ካብ ዝወርዶም ዘሎ ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትን ጭፍጨፋን ስቓይን ክላቐቑ ዝኽእሉ፡ ነቲ ብስዉር ዘካይድዎ ተቓውሞ፡ ናብ ግሉጽን ውዱብን ቃልሲ ብምስግጋር፡ ምስቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተሰዲዱ ዝነብር ዘሎ መንእሰይ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ውዱብ ምንቅስቓስ፡ ብምውህሃድ፡ ውዳቤኦም ብምሕያልን ብምስፋሕን ኣብዚ ጸረ-ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ ዝሰላሰል ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ብምጽንባርን ካብኦም ዝጥለብ ልዑል ናይ ቃልሲ ተራ ክጻወቱን እቲ ስርዓት ኣብ ምውጋድ ይኹን፡ ምህናጽ ደሞክራስያዊ ስርዓት ታሪኻዊ ሓላፍነት ናይ ምስካም ግቡኦም ዝጻወትሉ መድረኽ ሕጂ ስለዝኾነ ህደግኤ፡ መንእሰያትና ዓቲቦም ክቃለሱ እናተባበዐ ምስኦም ሓቢሩ ክቃለስ ድሉው ምህላዉ በዚ ታሪኻዊ ዕለት ይገልጽ።*

***<u>ጀጋኒ ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ</u>*<u>!</u>**

*መንግስቲ ህግደፍ ሃገራዊ ነጻነትና ኣበርዒኑ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትና ግሂሱ፡ ንዓኻትኩምን ሃገርናን ናብ ውድቀትን ምብትታንን እናሳጠሐ ክነሱ፡ ሃገራዊ ነጻነት ኣብ ምዕቃብን ልምዓት ኣብ ምርግጋጽን ይነጥፍ ከምዘሎ እናሸሓጠ፣ ኣብ ሕሉፍ ሓርበኛዊ ጅግንነታዊ ታሪኽኩም እናተሓብኤ ዕደመ-ስልጣኑ ንምንዋሕ ክብል፡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቱን፡ ኣብ ሃገራዊ ባዓላትን ተረኽቦታትን ዘርእዮን ዘስምዖን ዘሎ ኣስካሪ ፕሮፓጋንዳዊ ንጥፈታት ብምቅላዕ፡ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ ብምድምሳስ፡ ኣብ ዑና መቓብሩ ንዝተኾልፈ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ንምዕዋት፡ ነቲ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰቪካዊ ማሕበራትን ካልኦት ኣገደስቲ ሃገራውያን ባእታታትን ዝምዕብል ዘሎ ተወሃሂድካ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ናይ ምቅላስ ኣወንታዊ ተበግሶ ብምድጋፍ፡ ወሳኒ ናይ ቃልሲ ተራኹም ክትጻወቱ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ* (*ህደግኤ*) *በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ናይ ቃልሲ መጸዋዕትኣ ተቕርበልኩም።*

*ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና*!
*ዕላማታት ባሕቲ መስከረም፡*
*ኣብ ዑና መቓብር መንግስቲ ህግደፍ ክዕወቱ'ዮም*!
*ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ*
/*ህደግኤ*/
1-*መስከረም* 2010